**ዖኣምላኽ ንገልጋሊኻ ኣባ ክፍለማሪኣም ፋደጋ**
**ኣብ መንግስትኻ ተቀበሎ**

**ታሪኽ ሕይወት ነፍሰ-ኄር**

**አባ ክፍለማርያም ፋደጋ**



**The late**

**Fr. Kiflemariam Fedega**

1. **ትውልዶምን ሕይወት ገዳም ዘርአ ክህነት ከረንን**

   አባ ክፍለማርያም ካብ ወለዶም አቶ ፋደጋ መልሂግን ካብ ወ/ሮ ወለተኢየሱስን (ስዒዳ) ብ1.1.1934 ዓም አብ ሽናራ ተወልዱ። ወለዶም ካብዚ ዓለም'ዚ ብንእስነቶም ብምፍላዮም፣ ዝኽትምና እንከየሸነፎም አሕዋት ብሓደ ሰሚሮም አብ ሽናራ ዓበዩ። በቲ ካብ ወለዶምን ዝረኸብዎ ክርስትያናዊ መዕበያን ካብ ቆሞሶም (አባ ተስፋሚካኤል አድኅይ) ዝረኸብዎ ክትትትልን ንክርስቲያናዊ መዕበያኦም አብ ጸዋዕታ ክህነት ንኸብጽሕዎ አብ ቦታ ኲስኮሳ ገዳም ዘርአ-ክህነት ከረን ብ1949 አተዉ። መበቆል ጸዋዕታኦም ምስ ሕማም ዝተላዕለ ነበረ፥ ብንእሽቲኦም ደድኅሪ አህባይ ካብ ልክዑ ዝሐለፈ ጕያ አዘውቲሮም ልቦም ብጽኑዕ ከምዝሐመሙ፡ ወላዲቶምን ሓፍቶም እናቴ አመተ-ትንሣኤን ከአ እንተሓወኻ ካህንዶ ትኸውን ዝብል ሕቶ ከምዝቐረበሎምን፡ ምስ ሐወዩ ከአ አብ ንገዳም ከምዝተወፈዩ ይፍለጥ"። ክቡር አባ ገብረእግዚአብሔር ሐምደ እንኪቕብልዎም 'ንጓል እንክተመርዕዉ ቀላይ ይውሓጣ' ትብሉ ኢኹም፣ ነዚ ወድኹም ከአ ካብ ሎሚ ቀላይ ቤተ ክርስትያን ውሒጥዎ'ሎ ብማለት ንገዳም ተቐበልዎም። በዚ ኸስ ክሳብ 1952 ዓ.ም. ካብ 2ይ - 5ይ ክፍሊ ተማህሩ።

2. **ተመሃራይ አብ ገዳም ደብረ መድኃኔ ዓለም አሥመራ**

- ካብ 1953-1959 አብ መጀመርያ ሰረቱ ዘጣጥሕ ዝነበረ ሐዲስ ገዳም ደብረ መድኃኔ ዓለም አሥመራ ተሳጊሮም ናይ

**A Tribute to the Late Abba Kfelemariam Fadega**

The late Abba Kifelemariam was born from a peasant family Mr. Fadega Melhig and Mrs. Welettejesus on January 1, 1934 in Shinara a village north of Keren.

Despite difficulties beginning in his tender age, Kifelemariam grew up in a strict compact family-life with his brothers and sisters. In those days in Eritrea under the Italian colonial rule as there was no any formal education out side of Keren, Kfelemariam until the age of 13 did not begin school.

He joined the Seminary of Keren in 1947 where did primary school till 1952. Then, he continued with his secondary school studies in the Major Seminary of Asmara from 1953-1959 together with the formation for priesthood.

Kiflemariam was then sent for further studies to Rome in 1962. In Rome he earned a Masters degree in Philosophy and a Doctoral Degree in moral Theology in 1968.

After completing his proper priestly formation and qualifications of his studies he was ordained on December 19, 1965 in Rome.

While in Rome, Abba Kfelemariam was too much involved in extra-curricula activities such as in the

ካልኣይ ደረጃ ትምህርቶም ብጸብለልታ ዛዘሙ።

3. **ተልእኮ ንቫቲካንን ዓዲ እንግሊዝን**

- ብድኅር'ዚ ብመደብ ቤተ ክርስትያን ኣብ ትሕቲ ሕጽኒ መንበረ-ጴጥሮስ ከተማ ቫቲካን ዝርከብ ጥንታዊ ገዳም ደብረ ቅዱስ እስጢፋኖስ ንዝለዓለ መንፈሳዊ ትምህርቲ ንኽከታተሉ ብ1959 ተላእኩ።
  - ካብ 1959-1962 ብትምህርተ ፍልስፍና ናይ ማስተርስ ዲግሪ ዓተሩ።
  - ብ1963-1965 ዓ.ም.ፈ. ብትምህርተ መለኮት (Moral Theology) ሊቅነቶም ኣመስከሩ።

ኣብ ቫቲካን ኮሌጅ ኣብ ዝነበሩሉ በሕሉቆም ምስጉን፣ ብትምህርቶም ወትሩ ጸብለልታ ዝነበሮም፣ ብመንፈሳውነቶም'ውን ንኡድ ነበሩ። ትምህርቶም ብዝግባእ እናተኸታተሉ፣ ኣብ ኮሌጅ ማኅበር ካህናት ብፁዕ ኣባ ገብረሚካኤል ሰማዕት ብምንባሩ ናይቶም ኣብ ቫቲካን ምስ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ጳውሎስ 3ይ ቀንዲ ተሓባባሪ ዝነበሩ <u>'መነኮስ ተስፋ ጽዮንን ኣብ ገዳም ቅዱስ እስጢፋኖስ ዘበርከትዎ ግደ'</u> ታሪኽ ሕይወቶምን ኣበርክቶኦምን ብዝምልከት ዓሚቝ ኣስተምህሮ ቀረቡ።

4. **መዓርገ ክህነት**

- ክቡራን ካህናት ኣባ ተስፋማርያም ብደሆን ኣባ ክፍለማርያም ፋደጋን ንኣስታት 16 ዓመታት ግቡእ መንፈሳውን ሰብኣውን ኩስኰሳ ድኅሪ ተዋሂብዎም በቶም በዐል ጽቡቕ ዝኽሪ ኣቦና ብፁዕ ኣቡነ ኣብርሀ ፍራንሳ ብ10 ታሕሣሥ 1958 ዓምግ (19 ታሕሣስ 1965 ፈ) ኣብ ቫቲካን መዓርገ ክህነት ለበሱ። ብድኅር'ዚ ብወርሒ ሰነ 1968 ክልቲኦም ካህናት ብቅድስቲ ከተማ ኢየሩሳሌም ኣቢሎም ንሃገርና ተመልሱ።
- በቲ ጊዜ'ቲ ገዳም ዘርአ ክህነት ኣሥመራ ካብ ምምኅዳር ካህናት ኮምቦኒ ናብ ካህናት ደቓባት ተሰጋጊሩ ብምንባሩ፣ ብፁዕ ኣቡነ ኣብርሀ ኣብ ስነ-ምምህርና ገዳም (Intellectual formation) ብትምህርቲ ቅሩባት ሰባት ክህልዉ ባህጎም ጥራሕ ዘይኮነ፣ ብቀዳምነት ዝሰርዕዎ መደብ ብምንባሩ፣ ነዞም ክልተ ካህናት ድኅሪ ናይ ሠለስተ ወርሒ ዕረፍቲ፣ ብመስከረም 1968 ንዓዲ እንግሊዝ ማለት ኣብ ኦክስፎርድ ዩኒቨርሲቲ ንካልኣይ ደረጃ ዘርብሕ ስነ-ምምህርናን ቋንቋ እንግሊዝኛን (Professional

association of Blessed Ghebramichael and some studies on Abba Tesfatsion he presented a paper to the community.

After a brief visit to Eritrea in 1968 again he was sent to United Kingdom where he studied Education in Oxford for two year and obtained Diploma in teaching in secondary Schools.

The 12 years Abba Kflelemariam spent abroad for his studies, formation for priesthood and leadership gave him a sound footing and made him a determined and hard working priest.

Abba Kiflemariam was not all that exited studying abroad all these years. According to his correspondence letters in the Church archives, Abba Kfelemariam observed and complained that the long years of study in Europe does not give the proper education that is fit for African home use.

Abba Kiflemariam was always interested in his people. When he learned that the whole region northern region of Keren which include the villages of Halhal, Jengheren, Shinara, Irora Beit Ghebru etc…were destroyed by the then, Ethiopian regime of Haile Sellassie army, Abba Kfelemariam appealed for spiritual and material assistance of the displace people living in Gaza banda area of Keren.

When Abba Kfelemaim was in London for studies he came short of funds in his education and together with his colleague the late Abba Tesfamariam Bedho, the first late bishop of Keren, in a letter of September 26, 1969 requested for funds from their bishop the late Abbune Abreha of Asmara. Abune Abreha on November 12, 1969 responded to the letter by saying that the diocese is too poor beyond imagination, and it couldn't afford that extra-expense for the studies they requested. Abune Abreha in a clear language told them that dramatizing this issue is no solution; breaking the spiral from within it is impossible. He told them that the only remedy is calling for help and they were in a position to make their voice heard; for, London was the ideal place for pleading one's case before sensible people, and for attracting attention of both national organizations and international agencies. Bishop Abreha pointed out that it was there they can find a key to their financial problem.

course for teachers certificate in teaching secondary school) ንልዕሊ ክልተ ዓመት ክመሃሩ ተላእኩ። ንዝተዋህቦም ዕማም ብዓወት ድኅሪ ዛዚሞም ነሕዋቶምን ደቆምን ከስተምህሩ ብ1971 ንሃገርና ተመልሱ። ቅድሚ ናብ መደብ ምምህርና ምእታዎም ከአ ዝተፈላለዩ ክፍላተ ሃገራት ኢትዮጵያ በጽሑ።

## 5. ምምላስ ንሃገሮምን አገልግሎትን

አባ ክፍለማርያም ካብ 1971-1977 አብ ደብረ መድኃኔ ዓለም ገ.ዘ.ክ. አሥመራ ከም መምህር ኰይኖም ንሽድሽተ ዓመት አገልገሉ። አውራ አድህቦኦም አብ መደብ ምምህርና'ኳ እንተነበረ፣ አብቱ ዕለታዊ ምርሒት ገዳምን ውሽጣዊ ትሕድስቱን ምስ ኵሎም ካህናት አሕዋቶምን ጳጳሶምን ብዘይሕለል መንገዲ ሰሪሖም'ዮም። አውራ ንዘመናዊ ክፍሊ ስነ-መዕበያ ብርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ጳውሎስ 6ይ ወጺኡ ዝነበረ ሰነድ ‘Ratio Fondamentalis” ምስ ጠባያትን ባህርን ሃገር ብዝሰማማዕ አገባብ አብ መዕበያ ተመሃርቲ ዘርአ ክህነትና ተግባራዊ ክኸውን ብዙሕ ጸዐሩ።

አብ ርእሲ'ቲ ዝነበሮም መዝነት ምምህርና ብተወሳኺ አብ ካልኣይ ደረጃ ኮምቦኒ፣ ከምኡ'ውን አብ ላቲናዊ ህየንተ መንበረ ጵጵስና ብገዳማውያት ዝተመደበ ትምህርተ ንባበ መለኮት ንደናግል የስተምህሩ ነበሩ።

እቲ አብ ገዳም ደብረ መድኃኔ ዓለም ዝነበረ መሪሕነትን አካይዳን ከምቲ ዝሓለንዎ ዝበሃግዎን ክኸይድ ብዘይምኽአሉ ብ30 ነሐሰ 1969 ዓምግ ብናይ ጳጳሶም ሥምረት ካብ አገልግሎት ገዳም ወጺኦም አብ ጽዑቅ ሓዋርያዊ ወፍሪ አምርሑ።

እቲ ዓመታት'ቲ አብ ምዕራባዊ ዕቕብና (ምድረ በጎስ) ቀዳሞት አቦታት ካህናት ብሞትን፣ ብሽምግልናን፣ ብዋሕዲ ጥዕናን ተጓዲሎም ምእመናን ብቀረባ ዝጓሲ-ጓሳ ብምስኣን እንክሽገሩ፣ በቲ ካልእ ወገን ከአ መግዛእታዊ ሥርዓት ኃይለሥላሴ ኮነ ደርግ አብ ሕዝብና ከቢድ ተጽዕኖ አሕዲሩሉ ዝነበረ ጊዜ ኰይኑ መነባብሮ ሕዝቢ አዝዩ ጸንኪሩሉ ዝነበረ እዋን ነበረ። ነዚ ዝተገንዘቡ አባ ክፍለማርያም ንሊቅነቶም ከም ኢምንት ቆጺሮም፣ ጽቡቕን ክፉእን ምስ ሕዝበይ ክካፈል ይሕሸኒ ብማለት፣ ንሕዝብና አብቲ ጽንኩር እዋናት ብስራተ-ወንጌል እናበሰሩ ተስፋ ኮንዎ። ‘…ኢትጹሩ ቍናማተ ወኢአሳእኒ…’ ከምዝበለ አባ ክፍለማርያም አብ ጊዜ ሓዋርያዊ ወፍሮም ክልተ መሳንይቲ

With this advice the priests succeeded in their studies and came back to Eritrea in 1971.

On his return to Eritrea in 1971, Abba Kfelemariam was assigned to teach in the Major Seminary of Asmara. Although he had difficult in expressing himself fluently, with hard work he was well accepted by his students and demanded for his academic insights. Thus, besides lecturer in the Major Seminary, he was also teaching in the Comboni Sisters convent and in the Latin Cathedral Catechetical Pastoral Centre.

Besides the academic task in the seminary, Abba Kfelemariam was concerned and involved in shaping the priestly formation policy for the students. With the lesson of experience he had while in Rome, Abba Kfelemariam had some radical ideas on the formation of students for priesthood and these brought him into conflict with the bishop an in 1977 he was forced to resign from teaching the Seminary.

Abba Kfelemariam was against authoritarian idea, and use to pray “Save us from powerful men and bad men”. However, as he was involved already caring with the people living displaced in the north of Keren since 1968 and moreover concerned with local culture, he was assigned to do research in the religious history and scenario of Halhal Maria area.

Unfortunately, his survey data in an advanced level was confiscated by the military and he was frustrated. Meanwhile as he was engaged in pastoral work in that region he settled completely and became right hand to the vicar in Keren area. This time he has composed some prayer books in Blin language (the first of its type) and organize several catechism courses for catechists and for teachers teaching in Catholic schools.

In 1984 when the war torn country was hit with a sever drought he was caught up on addressing this issue. The church has chosen Abba Kfelemariam to head and coordinate an emergency committee she has set up. In addition, to lessen his extensive pastoral care in the north of Keren he was made assistant parish priest of Glass. On the relief field he worked hard and extended it from Keren up to Ghizghiza, Afabet, Jengheren, and Halhal.

ነበራኦም፥ እዚኣቶም እታ 'ሰርገል' እትበሃል በቐሎምን፣ እቲ ኣብ ጊዜ ሀሩር እተዝሕሎም ዝነበረት 'ሀወት' (ለእናስ በዐል ሀወት፣ ንእሽቶ ሐርቢ) ነበራ።

ኣባ ክፍለማርያም ንሓዋርያዊ ኣገልግሎቶም ካብ ከረን ብወገን ገዛባንዳ ተለምዎ። ብምኽንያት ፓለቲካ ሰላምን ርግኣትን ዝሰኣነ ሕዝቢ በስገዳድ ኣብ ከተማ ክሰፍር ይግደድ ነበረ። ወገን ገዛባንዳ ብዙሓት ንብረቶምን ጥሪቶምን ገዲፎም ዝተኣከቡሉ ቦታ ብምንባሩ ሕዝቢ ንምጽንናዕ ስብከተ-ወንጌል ብኣታቶም ተለሙ። ቐጺሎም ንጕላጒል መጋርሕ ቅ.ጊዮርጊስ፣ ደብረ ልደታ ሽናራ፣ ደብረ መድኃኔ ዓለም ለበዳ፣ እሮራ ቤት ገብሩን፣ ጀንገረንን ሐልሐልን ኣብ ትሕቲ ጒስነቶም ሰርዕዎ።

ካብቱ ዝዓበየ መለለዪ ኣባ ክፍለማርያም ንቋንቋ ብለን ኣብ ጽሑፍ ኣስፌርካ ብተዛረብቱን ብግዱሳትን ተፈላጥነት ከምዝረክብ ምግባር ነበረ። ሓደ ካብቲ ዝፍለጡሉ ድማ ትርጒም መንፈሳዊ መጻሕፍቲ <u>መጽሐፈ-ቅዳሴ</u> ዝበዝሐ ክፋሉ ብብለን ንኽትርጎም ፈላሚ መንገዲ ከፊቱ። ኣብ ባህልን ልምድን ዝተመርኮሰ ዝውቱር ጸሎታት ንዓበይቲ ሽማግለታት እናሓተቱ <u>'ወረና ጃር ሙሲኹ'</u> (ዐውደ ምስጋና ንእግዚኣብሔር) ዝብል ንኡስ መጽሐፍ ጸሎት ኣሰናደዉን ኣኅተሙን።

ብድላይ ጳጳሶም ኣብ ጐድኒ ሓዋርያዊ ተልእኮኦም ኣብ ዝባውንቲ ደካን (ሐልሐል) ማርያን ስፍሓተ ክርስትና ከመይ ከምዝነበረ፣ ድኂሩ እቲ ዞና ከመይ ቢሉ ሃይማኖት ምስልምና ከምዝተቐበለ ብሰነዳት ዝተመርኮሰ መጽናዕቲ ቀሪቦም ነበሩ። እንተኾነ ግዳ ነቲ ብዙሕ ዝጸዓሩሉን ዝደኸሙሉን ዝዓበየ ክፋል መጽናዕቶም ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት ናይ ሽዕኡ ግዳም-ሐደር ሰብ ብረት ከምዝግደፍዎም ይፍለጥ። እዚ ዘጋጠመ ፈተና ንምርምርን ታሪኻዊ መጽናዕትን ኰለፎ። እቲ መጽናዕታዊ ጽሑፎም ካብ ጐላጒል መጋርሕ ጀሚሩ መሬት ሐልሐል ሰንጢቁ ንማርያ ቀያሕን ጸላምን ዘካተተ ብኣኡ ኣቢሉ ድማ ክሳብ ጠረፍ ምድሪ ሱዳን ዝበጽሕ ነበረ።

ድኅሪ ናጽነት ሃገርና መንግሥቲ ብናይ ኣደ-ቋንቋ <u>'መርሐ-ትምህርቲ'</u> ካሪክለም ክሰናዶ ብዝደለዮ መንገዲ፣ ብቀዳምነት ናብ ብለን ተርጒሞም ንኢዱኬሽን ዞባ ዓንሰባ ካብ ዘቕረቡ ንሶም ነበሩ። ብዛዕባ Blin Literature ልዕሊ ኹሉ ዝደኸሙሉን ኣስተምህሮታት ዝህቡሉን ነበረ።

After sometime in this line of work as a result of disagreements he encountered with the authorities Abba Kiflemariam was relieve from the coordination responsibility. It was know that he was a good spiritual leader and hence was assigned a parish priest of Glass.

Here he developed education for the first time up to junior level and by a decentralization system he opened church schools in the villages of Farealeba, Incinaq, Hagaz, Awengeli and Sheqloti. By building chapels in these villages he consolidated Christianity in the region. This he was doing without any outside financial resources, the lessons, difficulties and experiences he encountered in London came in handy. In deed, Abba Kfelemariam was one of the most dynamic persons in the Catholic Church and demonstrated leadership in the socio-economic development of the country.

In May of 1988 when full scale war was raging in the Ghlas area he stood fast with the people and contributed in their safety.

Abba Kfelemariam was a devout and a man. Because of his outstanding spirituality he was elected to be member of Curia of Keren Vicariate Council which he served from 1993 to 1994.

Because of long service in hot area with little facilities, it was observed that to Abba Kfelemariam his health was failing him. Therefore it was decided to send him to cooler place in the village of Halhal to rest. Unfortunately, before he settled down there in 1994, while celebrating Mass he suffered a sever stroke that disabled him for the rest of his remaining life until his death on August 17, 2008.

Abba Kfelemariam was a man who for the love of God an the cause of the Gospel gave up himself and gave his house to the poor the widowed. In all his ways he was really a man of God those in need always wanted him to be around them as they felt secure around him.

May his soul rest in Peace
*Abba Kibrom Tseggai*

### 6. ምዱብ ኣገልግሎት ቍምስናን ኣገልግሎት

ደብረ ልደታ ለማርያም <u>ግላስ</u> ንኣስታት 9ተ ዓመት (1984-1994) ኣገልገሉ። ኣብ ዙርያ ቤተ ክርስትያን ድንቔርና ክጠፍእ ስለዘለዎ፣ ምስ ገበርቲ ሠናይ ብምትኅባር ቤተ ትምህርቲ ሓነጹ፣ ዓስቢ መማህራን'ውን ረኸቡ። ኣብቲ ምምህርና ባዕልም'ውን ይሳተፉ ነበሩ። ኣብ ከባቢ ዝርከባ ዓድታት ከኣ ኣብያተ ጸሎት ሰረቱ።

እዛ ሎሚ ኣብ <u>ሓጋዝ</u> እትርከብ መንበረ ሊቀ-ካህናት ደብረ ኪዳነ-ምሕረት ሐጋዝ ብጻዕሮም ዝተሃንጸት እያ። ኣብ ዙርያኣ ከኣ ብርሃነ-ኣእምሮ ዝልግስ ቤት ትምህርቲ ሓነጹላ። ከማኡ'ውን ኣብ <u>ኣወንጀልን</u> <u>ሸቅሎትን</u> ዝርከብ ቤተ-ጸሎት ቀዳማይ ሰረት ዝተኸሉ ንሶም ነበሩ።
ንሕዝቢ እናጐስጐሱ ብዙኅ ናይ ምዕባሌ ሰረታት (ንኣሽቱ ሓጽብታትን ዔላታትን) ሰሪቶም ሳላኦም ሎሚ ገለ ዓድታት ካብ ሽግር ማይ ተናጊፉ ይርከብ ኣሎ።

### 7. ኣግልግሎት ግብረ-ሠናይ

ሕዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ ሕዝቢ ቦጎስን ሣሕልን ከኣ ብፍላይ ኣብ ዓመተ '84-85 ከቢድ ናይ ጥሜት ሓለንጊ ወሪድዎ ነበረ። ኣብ ከረን ብልግሲ ማኅበር ኣሕዋት ላሳል መልክዕ ቤት ትምህርቲ ምኻኑ ከየጥፍአ ማእከል ዕደላ ረድኤት'ውን ኰይኑ ነበረ። ናይ 'ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ኮሚቴ ሕጹጽ ረድኤት ምዕራባዊ ዞና' ተባሂሉ ቆይሙ ነበረ። ዘወሃህድዎ ድማ ኣባ ክፍለማርያም ነበሩ። ኣባ ክፍለማርያም ንከባቢ ከረን ነቶም መሣርሕቶም ብምሕዳግ ናብቱ ዝተገድፈ ምድሪ ሣሕል ማለት ግዝግዛ-ኣፍዓበት-ቃምጨዋ-ግልቡብ እናዞሩ ሕዝቢ ምምዝጋብን ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዓዲ ማእከል ዕደላ እኽሊ ኣቍሞም ንሕዝቢ ካብ ጥሜትን ኣደዳ ሕማምን ኣናጊፎምዎ ነበሩ። ካብቱ ቀንዲ መለለዪኦም ንመራሕቲ ሃይማኖት ምስልምና ቅድሚ ዕደላ ረድኤት 'ጸሎተ-ምስጋና' (ኣልፋትሓ) ከድግምዎም እንከለዉ ብዙኃት ብተግባሮም ሕጉሳት ነበሩ።
ኣብ ከተማ ኣፍዓበት ንመጻኢ ህላዌ ካቶሊካዊት ቤተክርስቲያን ክንድዝሓለሙ፣ ብፍታው መንግሥትን ደቂ ዓዲ (ሹማምንቲ) መሬት ክምርሓሎም ሓተቱ። እዚ ሎሚ ድናግል ኮምቦኒ ዘገልግላሉ ዘለዋ ቦታ ፍረ-ጻማ ኣባ ክፍለማርያም እዩ።

ኣብ ጊዜ ረድኤት ረኺብ ወይ'ውን ዝለዓለ ኃላፍነት ኣሎኒ ብማለት ንረድኤት ኣብ ግላዊ ረብሓኦም ንኸይውዕል ብዙኅ ዝጸዓሩ ነበሩ። ንርእሶም ምስ ዝደልዩ ከም ኵሉ ሰብ ካብ ዕዳጋ ይገዝኡ ነበሩ። ኣብ ገሊኡ ኣጋጣምታት ስኢነ ንዝበልዎም፣ ናቶም ኣውጺኦም ዝህቡሉ ጊዚያት ነበረ።

### 8. ዋሕዲ ጥዕና

ብ1993-1994 ኣባል መንፈሳዊ ጉባኤ ኰይኖም ኣገልገሉ። ድሮ ግዙፍ ኣካላዊ ድኻመት ይረኣዮም ክንድዝነበረ፣ መሣርሕቶም ንኸዕርፉ ንሐልሐል መደብዎም። እንተኾነ ኣብ ዝተመደበሎም ቦታ ከይከዱ እንከለዉ ካብ ከቢድ ወቅዒ ዝተላዕለ (celebral iktus) ኣብ ቤተ-መቅደስ ገዛባንዳ ኣብ ማእከል መሥዋዕተ ቅዳሴ እንከለዉ ብሃንደበት ወዲቆም ከቢድ መጒዳእቲ ኣጋጠሞም። ከም ሳዕቤኑ ድም ፍርቂ ኣካላቶም ለመሰ። ቤተ ክርስትያን ንክሕከሙ ንሮማ ለኣኸቶም፣ ኣብ ፖሊክሊኒክ ሆስፒታል ጀመሊ ንኣስታት 10 ወርሒ ተዓቚቦም ጥዕናኦም ተመሓየሸ። ብድኅሪኡ'ውን ኣብ ሮማ ክሊኒካ ሳንታ ሉቺያ ዕለታዊ ፊዚዮተራፒያ እናገበሩ ካብቱ ዝነበርዎ ዝለዓለ ምምሕያሽ ገበሩ። ኣብ ሆስፒታል ኣብ ዝነበሩሉ ብዝነበሮም መንፈሳውነትን ተጻዋርነት ሕማሞምን ከምኡ'ውን ክሓዊ'የ ብምባል ሞራሎም ከየውደቁ ህርኩት ምባሎም ዝረኣዩ ፈረንጂ ብጽቡቅ ኣብነቶም ተማሪኾም ብኣብነት ይጠቕስዎም ነበሩ። ድኅሪ ክልተ ዓመት ድማ ብ1998 ንሃገርና ተመልሱ።

### 9. ዕረፍቲ - ምስጋና፥

ክቡር ኣባ ክፍለማርያም ወዲ 75 ዓመት ኰይኖም፣ ናይ 43 ዓመታት ክህነታዊ ኣገልግሎት ዝነበሮም እዮም። ኣብ ርእስ'ቲ ዝነበሮም ስቃይ ትማሊ ሰንበት 17 ነሐሰ 2008 (11 ነሐሰ 2000 ግዕዝ) ሰዓት 1300 ድ.ቀ. ኣብ መንበሪ ገዝኦም ዕረፍቲ ጻድቃን ዓሪፎም። ኣምላኽ ንዝደኸምዎ ጻዕርን ንዝሕለፍዎ ሥቃይን ተቐቢሉ ኣብ ደገ-ሰማይ ዓስቦም ይሃቦም። ንቤተ-ሰብ ከኣ ጽንዓት ይለግስ። ንኵልኻትኩም መኸበርቲ ኣባ ክፍለማርያም ክትቀብሩ ካብ ርሑቅን ቀረባን ዝመጻእኩም ውሉደ-ክህነት፣ ያሬዳውያን ሊቃውንቲ፣ ምእመናን ሕዝበ እግዚኣብሔር፤ ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ብልቢ እናመስገነ እግዚኣብሔር ነዞም ዘይሕለሉ ጻዕራም ኣቦና ኣብ መንግሥቱ ተቐቢሉ፣ ንቤተ ክርስትያኑ ውፉያት ተካእቲ ኀሶት ክጽግዋ ይልምን።

*ኣቅራቢ ኣባ ዑቅባጋብር ወልደጊዮርጊስ* (18.08.2008)

# ኣባ ክፍለማረያም ፋዴጋ

እጀምኰሩኸኰማ ኣባ አብ ምርወት እኽር ከፋሊ
ኣዳሚንድቍርልድ ኰሰና ኤማኑኸኰ አን ቋሊ
ሽካ ሰጃ አመራ ኒሹር ገፍሲ ምኸኰሮ ፈራኸኰ ላልኰሊ
ኒትክ ባሮ ወከልሳኸኰ ኒጃርሊ
እምንእምንድክማ መሀድሰራ ኰሰና ወልወል ለዓልሊ

እኽር ክፍለማርያም ኰኣካን ኰሸኸኰደድኽር በሸትድኸኰለና
ንኪ ይኸ ተባተክሮ አውሲ ባርዶና
እምንሲ ግብርድ አውኒ መሀርድሮና
ካንዲ ክርሻዲት ትንኰሪሶኻ አውኒ በክስታናትዲ ምህሮር
ልሻንትትዲ ብድሮና

ኰዲ ኰሰርገልዲ (ኒበኽላ) ላት ሰድቅርትናሲክ
ድራር ዓሺነቱኸኰሲ በንስሻዲነ ድራትናሲክ
ጃር ደርብ ቋሊሳኸኰ ክታብሲ እሮት ሺባ ወላውል ገለይራሲክ
ድሕር እንገት ከደምሩኸኰ እስላማ ክስታነድ ገረምራሲክ
ግርጋ በዳኒ እንትሮ አቅትረካ ይታሲክ

እኽር ከፋለማይራም መርሓባ እናስ እባ ሀወቱ
ወንጌል ወቍርዓን ለልቡላ ዋዲሃዲ እንታቱ
ኣዳም ክምደበራ ወርእይ ክም አባ ዕንታቱ
ጠበሸ ትበ ምስል በርከትካ እግል ወድ አዳም ዒሻቱ
ብልያ ወስትዮ ረቢ እግልኩም ሃይባቱ
ደዓ ኒደ ምስል እግል ሞላይና ምራዱቱ
እሊ ኰሉ ሀየ እግል ረቢካ እንደትበቱ

እኽር ከፋሊ አምራና አምር
ዓቅሽታ መምህር
ኪሰሪ ብሊናኸኰድ ኒበኽር
ትክዲ ሰነትዲሲ ኒአኼር
ደለምሳኸኰድ ኒጩራ ኒሸንክሪኸኰር
ወላ ሸኸኰሸትረሻኽር ኰሕላንዲ ኰንሕዲሲ መሀርድራኽር
ኰሳዳ እንታኽድ አጋንቲት በኸክድራኽር
መጋርሕ ኰደምቢ ከንዶ ከንዶኽር

እኽር ክፍለማርያም በኪት ሰረት ኪሰሪሩኾ
ጸሎትል እብርክይዩ ኰትቋላኾክ ኒሹር ሓራምድ ሰሪኾ
ወንገልሲ ብሊንድ ተምብህሩ ከው ጃር ቆልሲ ፈህሙኾ
ዓነቅርሲ ገብሮ ዓይጉት እሰረሰና ሰቋንታኾክ ተርኡኾ
ግናይ እርግላ ሕላን እንቲ ሓለንዱ እርግራኾ

ውራ ሀቢን ይኽርጃር ክብሰየሎም ይከውሲ
ግናቲትሲ መሀርደ እሰየሎም ከዋ አወይሲ
ናመታን ደኰሰያ እና ይርሕሲ
ናለበኪልድ ሺሽድያ ደምቢራ ዋንሳኾ ሓራምሲ
ነሰ ዩ ሰኻኮ ይነኽር ከፋሊ ጋቡእንጉሲክ እምንሲ

በረሰነዲ በሰበሰነዲ ግን እድንየድ ንር ኣኸራ
እኽር ክፍለማርያም ሓይሰ ጨረንጨራ ሸናራ
አዳሐ ከደሞ አቅሰጋኾ ቂር ሀገግዳኾ በኸራ
እምንድክ ይነሰነማኒ አማ አረፈል ሕበራ
እምን ግን ኒግንድ ውሪ መረርን ውሪ አኽን ሰኸራ

እኽር ከፋሊ እምንእምንድ ማዳ
ሥላሴር ጃብል ለብራካ በደልሱኾ ኰዳዳ
ኰት አራኾ ጃር ጃብል ሻኮ በሀርኮት ዕዳ
ንኪኻ ግርመሰ አመሪኻ ለኸሰ ሰርዳ
ክፍልማርያምር ጅኑብ እምን እምንዲ ፈለዳ
ሥላሴ እንትን አርእድኑኾ እንተላውድ ፈረዳ

እንታሕቈፍል እንታዓይብ ይነኽርሲ ዔሰሉ
እንታ ላውዲ እሰዲነ ዲመሲ በርህደሉ
ማርያምኻ ኒዓይብ ገርጊሰኻ ኒጊብ እሰሉ
ኒልድ ኰዶ ትክሰ ኒበለድሲ ቋልደሉ
ጀረብዳኾሲ ሺወኻ ኒድክድ እልልደሉ

ክብረ ዚአከ አባ ኢክህልኩ እንግር
ለዘአንተ ተጋህኮ ከመ ኰሎ ጽድቀ ናእምር
አምጣነ ሞትከ ለኰሉ መንክር
በትዕይንት ወበሓቅል ለዘንነብር
እስመ አንተ ትሜህር ወለሊከ ኪያሁ ትገብር
ዮምሰ ኰልነ ሰመ ዚአከ ንዜክር
ነፍስከ ምስለ ሥላሴ ለዘለዓለም ከመ ትክበር

ስብሓት ለእግዚአብሔር ለዘወሃበነ ለክፍለማርያም ዘተግሃ
በቃል ወበምግባር ስብከቶ ዘአንሃ
በሥምረተ ጸሎቱ ውክፍት እምነ ማዕምቀ ልቡ ጽንሐሐ
ዘአዕረገ ቅድመ ሥላሴ መሥዋዕቶ ንጹሓ
ወለስብከተ ወንጌል ኢከልኦ ቀኖተ ሓጺን ዘበልሓ
እንዘ ይትመያየጥ በብሂለ ዝየ ወከሐ

ሠናይ ለከ ኦፍቁርየ ከፋሊ
መኑ ከማከ ተጋድሎ ሥጋ ከሃሊ
እስመ ልብየ ወኵለንታየ ይውዒ ሶበ ለከ እሄሊ
ወንበር እንከ ማእከለ ጴጥሮስ ወጳውሊ
መዓልተ ወሌሊተ በእንቲአነ እንዘ ትጼሊ
እስመ አብ በእንተ ውሉዱ ይሄሊ።

ወልድከ ወፍቁርከ
ኣባ ዓውተ ወልዱ